# ምስ ምጅማር ትምህርቲ ዝተሓሓዘ - ኣገዳስነት እዋናዊ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ (e-legitimation)

**ኮቪድ-19 ከምቲ ኣብ ጽደያ ተዘርጊሑዎ ዝነበረ ኣይዝርጋሕን ከኸዉን ተሰፋ ንገብር፡ ይኹን እምበር ናይ ኮቪድ-19 ቅምሶ መርመራ ክትገብር ሓደገኛ ኩነታት ኣሎ፡ እዚ ስለ ዝኾነ 13 ዓመት ዝመላእካ ወይ ኣብ ቁሩብ እዋን ትመልእ ንናይ ኮቪድ-19 ናይ ባዕልኻ ቅምሶ መርመራ ክትወስድ ምስ ዝድለ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ (e-legitimation) ዘይዉጻኻ ዘሎኻ ከተዉጽእ ኣገዳሲ እዩ።**

ዞባ ቨርምላንድ 6 ዓመት ዝመልኡ ኹሎም ናይ ኮቪድ-19 ናይ ባዕሎም ቅምሶ መርመራ ክወስዱ ወፈያ ይገብር፡ ሰብ ካብታ 13 ዓመት ዝመልኣላ ዕለት ጀሚሩ ንናይ ባዕሉ ቅምሶ መርመራ ንኽወስድ እዋናዊ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ ብምጥቃም ኣብ 1177.se ናይ ኤለትሮኒክ ኣገልግሎት ምእታው ከድልዮ እዩ፡ 12 ዓመት ንዘኾኑ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ቆልዑ ወላዲ ወይ ኣላይ ንናይ ኤለትሮኒክ ኣገልግሎት 1177.se ንዝምልከት ወኪል ምኳን ኣየድልዮን እዩ፡ እዚ ናይ ሃገራዊ ሕግታት እዩ፡ ስለዚ ንስኻ 13 ዓመት ዝመላእካ ኣብ 1177.se ንኽትኣቱ ዘገልግለካ እዋናዊ ዝኾነ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ ክህልወካ ኣገዳሲ እዩ።
ናብ ናይ ኤለትሮኒክ ኣገልግሎት ንምእታዉ ቅቡላት ዝኾኑ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ፣ ባንክ ኣይዲ (Bank-id) ከምኡ ዉን ፍረያ ኢ-ኣይዲ ፕሉስ (Freja e-id plus) እዮም፡
**ባንክ ኣይዲ ካብ ባንካ ተዉጾ፡ ባንካታት ብዛዕባ ዕድመ ዝተፈለለየ ጠለብ ኣለዎም ግን ዕድመኻ ትሕቲ 18 ዓመት እንተ ኾይኑ ናይ ወለድኻ ወይ ኣለይትኻ ፍቓድ ክህልወካ ኣለዎ፡** ከተስተዉዕሎ ዘሎካ እቲ ተንቀሳቓሲ ድሕንነት መንነት ሰነድ (mobilt säkerhets-id) ዝብሃል እንድሕሪ ድኣ ኣሎካ ኾይኑ ኣብ መርበብ ኢንተርነት ዝርከብ 1177.se ከምዘይሰርሓልካ ኣስተዉዕል።
ፍረያ ኢ-ኣይዲ ፕሉስ ብነጻ ኮይኑ ናይ ሸወደን መንነት ሰነድ እዩ፡ ናይ ፍረያ ኢ-ኣይዲ ፕሉስ ከተዉጽእ ስማርት ሞቢል (smartmobil) ወይ ታብለት (surfplatta)፣ መንነት ካርድ ከምኡ ዉን ኢ-መይል ከድልየካ እዩ፡ ነቲ ኣፕ (App) ምስ ኣዉረድካዮን ምምዝጋብ ምስ ወዳእካን ተሌፎንን መንነት ካርድ ሒዝካ ናብ ቅቡል ዝኾነ ናይ ኢ-ኣይዲ (e-id) ወኪል ትኸይድ፡ እቲ ዕድሚኡ ካብ 18 ዓመት ንታሕቲ ዝኾነ ካብ ወለዱ ኣለይቱ ፍቓድ ከድልዮ እዩ።

***ብኤለትሮኒክ መንነት ሰነድካ ናብ 1177.se ክትኣቱ ከምትኽእል ኣረጋግጽ!***

## ባዕልኻ ዝተመዝገብካሉ ናይ መርመራ መኣከቢ ኣቕሓ (provtagningskit)

ኣብ ግዜ ቐዉዒ ኣብ ከባቢ ቤት ትምህርቲ እንድሕሪ ድኣ ምዝርጋሕ ልበዳ ኣጋጢሙ በቲ ናይ ባዕልኻ ዝተመዝገበካዮ ናይ ቅምሶ መርመራ መኣከቢ ኣቕሓ ዝብሃል መንገዲ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ቅምሶ መርመራ ክዉሰድ ይክኣል እዩ፡ ናይ ባዕልኻ ዝተመዝገብካዮ ናይ ቅምሶ መርመራ መኣከቢ ኣቕሓ ማለት እቲ መርመራ ምግባር ኣቕዲምካ ብናይ ኤለትሮኒክ ኣገልግሎት 1177. ቆጸራ ምዉሳድ ኣይድልይካን እዩ፡ እቲ ቅምሶ መርመራ ክውሰድ ዝደሊ ናይ ባዕሉ ቅምሶ መርመራ ክወስድ ከሎ ብናይ ኤለትሮኒክ ኣገልግሎት ኣቢሉ ነቲ ዝወሰዶ ናይ ባዕሉ ቅምሶ መርመራ ይምዝግቦ።

ነቲ ኣብ ሞንጎ ቤት ሰብን ቀረባን ናይ ብከላ ምዝርጋሕ ፈተሻ ንምግባር ናይ ቅምሶ መርመራ ምዉሳድ ዝግበር ዉሳኔ ብናይ ቤት ትምህርትን ናይ ምክልኻል ምልጋብ ሰብ መዚ ኣብ ቨርምላንድን ምምኻር ይወስን፡ እቲ ዝዉሰድ ቅምሶ መርመራ ከመይ ከም ዝዉሰድን ብኸመይ ናብ ዝምልከቶ ከም ዝበጽሕን ኣብ ዝተፈላለየ ትምህርትታት ዝተፈላለየ ኩነታትን ግዝያትን እዩ ዘዋሃህዶ፡ ብሓፈሻኡ ግን ከምዚ ዝስዕብ ይመስል:

- እቶም ተንኺኦም ዘለዉ ተመሃሮን መምሃራንን ናይ ቅምሶ መርመራ መኣከቢ ኣቕሓ ይዉሃቦም
- እቲ ዝዉሰድ ቅምሶ መርመራ እቲ ሰብ ባዕሉ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ገዝኡ ኮይኑ ይወስዶ፡ ተመሃሮ ነቲ ቅምሶ መርመራ ክወስዱ ከለዉን ክምዝገቡ ከለዉን ካብ ብጹሓት ሓገዝ የድልዮም ይኸዉን
- ነቲ ቅምሶ መርመራ ኣብ ናይ ኤለትሮኒክ ኣገልግሎት 1177.se ንምምዝጋብ እዋናዊ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ የድሊ
- ቤት ትምህርቲ ነቲ ዝተኣከበ ቅምሶ መርመራታት ከምርመር ናብቲ ዝምልከቶ ኣካል ንምስዳድ ይእክብ
- እቲ መልሲ ናይቲ መርመራ ኣብ ናይ ኤለትሮኒክ ኣገልግሎት ኣብ መርበብ ኢንተርነት 1177.se ይርአ

## መልስን ሕቶን ብዛዕባ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰንድን ንናይ ባዕልኻ ናይ ቅምሶ መርመራ ምዉሳድ

### ወለዲ ኣለይቲ ንምንታይ ን 13-17 ዓመት ዝዕድሚኦም ደቆም ባዕሎም ብ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ ኣትዮም ቆጸራ ክወስዱሎም ዘይክእሉ?

ወለዲ ኣለይቲ ደቆም ክሳብ 13 ዓመት ዝመልኡ ናይ ደቆም መዝገብ ክርእዩን ጉዳይ ክሳልጡን ይኽእሉ እዮም፡ ብድሕሪኡ ግን ብምኽንያት ስትረት ናይ ዉልቀ ሰብ እቶም መንእሰያት ባዕላቶም ብናቶም ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ ብምእታው ነቲ ናይ ኤለትሮኒክ ኣገልግሎት ክጥቀምሉ ይኽእሉ፡ እቲ 16 ዓመት ዝመልአ ናቱ መዝገብ ከንብብ ይኽእል።

**እቲ ቆልዓ ከይሓመመ ኸሎ ንምንታይ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ ምዉጻእ ኣድልዩ?**

መብዛሕቱ ግዜ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ ንምዉጻ እቲ ሰብ ብኣካል ኣብ ባንካ ወይ ኣብቲ ናይ ኢ-ኣይዲ ወኪል ክርከብ ኣለዎ፡ ሓደ ሰብ ናይ ሕማም ምልክት እንድሕሪ ኣለዎ እሞ እዚ ምልክት ናይ ኮቪድ-19 ኣንፈት እንድሕሪ ድኣ ኣለዎ ካልኦት ሰባት ክቐርብ ኣይፍቀዶን እዩ።

**እቲ መንእሰይ በቲ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰንዱ ካልእ ዝያዳ እንታይ ክገብር ይኽእል?**
እቲ መንእሰይ ኣብ ናይ ኤለትሮኒክ ኣገልግሎት መርበብ ኢንተርነት 1177.se ንምሳሌ ምስ ናይ መንእሰያት መቐበሊ (ungdomsmottagning) ክራኸብ ይኽእል፣ ቆጸራ ክሕዝ ይኽእል፣ ሓድሽ ናይ መድሃኒት ወረቐት ክዉሃቦ ክሓትት ይኽእል ከምኡ ዉን ናይ ክላሚድያ መርመራ ክሓትት ይኽእል፡ ከምኡ ዉን ብ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ ብምሃብ ክራኸቦም ዝኽእሉ ብዙሓት ሰብ መዚ ኣለዉ፡ ብናይ ባንካ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ (Bank-id) ናይ ባንካ ጉዳያት ከሳልጥ ትኽእሎታት ኣሎ።

**እዚ መንእሰይ ነዚ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ ኣብ ናይ መርበብ ኢንተርነት ዕዳጋ ንምሽማት ክይጥቀመሉ ኣይፍርሕን ዶ?**
ናይ ፍረያ ኢ-ኣይዲ ፕሉስ (Freja e-id+) ንዕዳጋ ኽጥቀምሉ ኣይክእሉን እዮም፡ ኣብ ናይ ምምሕዳር፣ ዞባታትን ሰብ መዝን ጥራይ እዮም ክጥቀምሉ ዝኽእሉ፡ ብሓፈሽኡ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ብዘይ ናይ ወለዶም ኣለይቶም ፍቓድ ዉዕል ክኣትዉን ክሸምቱን ኣይክእሉን እዮም።

**እቲ ናይቲ መንእሰይ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ ኣብቲ ናይ ወላዲ ኣላይ ሞቢል ተሌፎን ወይ ኣብ ናይ ሓባር ታብለት ክግበር ይከኣል?**
ኣብ ሓደ ሓደ ኩነታት ይከኣል እዩ ይኹን እምበር ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብናቱ መሕለፊ (kod) ብምሃብ ክኣቱ (logga in) ኣለዎ፡ ነቶም ናይቲ መንእሰይ ባንካ ብዛዕባ'ዚ እንታይ ከም ዝብሉ ተወከሶም።

**እዚ መንእሰይ ቅድሚ ምሕማሙ ናይ ኤለትሮኒክ መንነት ሰነድ ምዉጻእ ኣይርከበን - ኣብዚ ኩነታት እንታይ ይግበር?**
ንናይ ቅምሶ መርመራ ንኽህብ ናብቲ ስሩዕ ናይ ማእከል ጥዕንኡ (ordinarie vårdcentral) ይኺይድ።